ካቶሊካዊ ኤጻርቅና ከረን
Catholic Eparchy of Keren
P.O. Box 460, Eritrea
Tel. 291-1-401 907
Fax. 291-1-401 604

፬ ጥቅምቲ ፳፲፩
October 15, 2011

ናብ ዝኸበርኩም
ሕዝበ እግዚአብሔር አብ ወጻኢ እትርከቡ
ደቂ ካቶሊካዊ ኤጻርቅና ከረንን ሰብ ጽቡቅ ድላይን

"ቅዱሳን ክትኮኑ ዝተጸዋዕኩም ፍቕራት አምላኽ ኵልኻትኩም፤ ካብ እግዚአብሔር አቦና ካብ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስን ጸጋን ሰላምን ንአኻትኩም ይኹን" (ሮሜ፡ 7) ።
እንቋዕ ናብ ዘመነ ዮሓንስ ፳፲፬ ብሰላም አብጽሓና እናበልኩ፤ ናይ ሰላምን ቅድስናን ዘመን ክኾነልና እናተመነኹ ንኹልኻትኩም ክርስቶሳዊ ሰላምታይ አቕርበልኩም።

"ነታ ቤት አምላኽ ሥርሕዋ አነ ከአ ብኣኣ ክሕጐስ እየ" (ነቢይ ሓጌ 1፡8

አብ ስሳታት ዝጀመረ ባህግን ሕልምን አቦታትን አደታትን፤ ሓድሽ ሕንፃ ቤተ ክርስቲያን ቅ.ሚካኤል ክሓንጹ ቦታ ብምውሳን መካበብያ ሠሪሖም መደብ ሕንፃ ቤተ ክርስቲያን እንክሓስቡ፤ ዘመን ብዘምጽኦ ጸገማት ከይተተግበረ አባና በጺሑ ከምዘሎ ዝፍለጥ እዩ።

ብፍቓድ አምላኽን ብሥምረት መንበረ ጴጥሮስን፤ መንበረ ጵጵስና አብ 21 ታሕሳስ 1995 ዓ.ም.ፈ ምስተተኽለልና፡ ብኤጻርቅና ቀዳምነት ዝተዋህቦ ዕማም ምሕናጽ ካተድራለ ደብረ ቅ.ሚካኤል ከረን ነበረ።

ሥራሕ ሕንፃ አብ 2003 ዓ.ፈ ጀምሩ ክሳብ 2006 ከም ዓቅምና ብጽቡቕ ተኻይዱ አብዚ ሕጂ ዘለዎ ደረጃ ክነብጽሖ ክኢልና። ንኹሎም ዝጸዓሩ ኤጻርቅና ልባዊ ምስጋናኡ የቕርብ፤ ብፍላይ አብ ውሽጥን ወጻእን ዝርከቡ ምእመናን ንዝገበርዎ ገንዘባዉ ንዋታውን ወፈያታት ነመስግን።

መደባት ሕንጻ ብጽቡቕ እንክሰላሰል ዘይሐሰብናዮ ሥረሓት ሕንፃ ጠጠው ብዝበለሉ፤ ከም ኵሉ ሰብና ሥራሕ ሕንፃ አቋሪጽና፤ ብሎሚ ጽባሕ ይጅምር ብዝብል ተስፋ ክሳብ ሎሚ ጸናሕና።

እንተኾነ "ሰብ ይሓስብ አምላኽ ይፍጽም" ስለዝኾነ፤ ብሓልዮት አምላኽን ብድኻም ብዙሓት ግዱሳትን አቐሪጹ ዝጸንሐ ሥራሕ ሕንፃ ካተድራለ ክንጅምር ፍቃድ ከም እተዋህበና ብሓጐስ ነበሥረኩም።
ነዚ ብምስጋና ተቐቢልና ሥራሕ ንምጅማር ንበጋገስ ስለዘሎና፤ ብቀዳምነት ብጸሎት ክተሰንዩና ንምሕጸን።

ቤተ ክርስቲያን ሓነፅቱ አመንቱ ስለዝኾኑ እቲ ዕማም ሕጅ እውን ናይ ነፍስወከፍ አማኒ ሓላፍነት ከምዝኾነ ብምዝኽካር፤ በዛ መልእኽቲ እዚኣ ንኹልኹም ምእመናን ካቶሊካዊ ኤጻርቅና ከረንን ንኵሎም ሰብ ጽብቅ ድላይን እጃምኩም ብልግሲ ክተበርክቱ እምሕጸነኩም።

ነቲ ጐይታ ኢየሱስ ባዕሉ "ካብ ዝቅበልሲ እቲ ዝህብ አዝዩ ይባረኽ" (ግ/ሓ 20፡35) ንዝብል ቃል እናዘከርኩም ብልግሲ ክትህቡ ልዑል እግዚአብሔር ይባርኽኩም፤ ቤቱ ክትሓንጹ ሓይልን ጥበብን ይሃብኩም።

+ አባ ኪዳነ
በጸጋ እግዚአብሔር ወበሥምረተ መንበረ ጴጥሮስ
ጳጳስ ካቶሊካዊ ኤጻርቅና ከረን

THE STATUS OF THE CONSTRUCTION AS UP TODATE